# ኣፅናዊ ምስጢራዊ ሰኪዔት ኣብ
# ውሽጢ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ንሕና ቀጻልነትን ኣድማዕነትን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዘገድሰና ሰባት፡ ንነዊሕ ኣዋርሕ ብዘይምሕላል ዘጠራቐምናዮ ጭቡጥ ሰነዳት ብመንገዲ መርበብ ቶጎሩባ ናብ ኩሉም ብጉዳይ ተቓውሞ ዝግደሱ ንኽበጽሕ ንልእኮ ዘሎና: ኣብ ቀረባ እዋን ከወጽእ ንትስፈው። ቅድሚ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ብሚስጢር ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝተመስረተ ኣፅናዊ ሰኪዔት ቀስ እናበለ ስልጣን ውደብ ብልኡኻት ህግድፍ ይምንዛዕ ከምዘሎ ብዘየወላውል ዘጋልጽ ሰነድ ምኺኑ ንሕብር። መርበብ ቶጎሩባ ድማ ነቲ ሰነዳት ከምቲ ብስልከን ኢመይላትን ዝተሰማማዕናልን ንኽዕቀባ ዝተነጸራ ነጥብታት ጥራይ እንተዘይኮይኑ፤ ሰነዳትና ከምዘለዎ ንኽወጽእ ነማሕጽን። ሰነዳትና ከምቲ ዝዓገብናሉን ዝተሰማማዕናለን ኣገባብ እንተዘይተዘርጊሑ፡ ናብ ካልእ መርበባት ምስዳዱ መሰልና ሕልው ምኺኑ ክንእምት ንፈትው።

ውድብ ድሕነት ዝሓለፎ ዘሎ ጽንኩር ኩነታት፡ ንኹሉ ብሃገሩ ዝግድስ ኣርሒቑ ዝጥምት ኤርትራዊ ከምዘሰክፎ ጥርጥር የሎን። ስለያ ህግደፍን ከምኡውን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዝኾነ ሃገራዊ ውድብ ክይዓኩኽን ክይድልድልን ረብሓ ዘለዎም ኩሎም፡ ሃገራውያን ውድባት ከየድምዓ ብምሉእ ዓቕሞም ከምዝዋፈሩ ውሁብ'ዩ። በኣንጻሩ ድማ፡ ዝኾነ ንኤርትራ ብዙሕነታ ኣደልዲላ ነፍስ ወከፍ ዜጋ ከም ፍጡር መሰላቱን ግቡኣቱን ኣብ ትሕቲ ህዝቢ ዘጽደቖ ልዕልነት ሕጊ፡ ክትመሓደር ዝምነ ፍጡር ግና፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ሃገራዊ ውድብ ብስለላ ህግድፍን ካልኦት ናታቶም ጸቢብ ጥቕምታት ጥራይ ዘቐድሙ ሸነኻት ግዳይ ኮይኑ ዝዳኸም ኤርትራዊ ሓይሊ ከይህልው ብትሪ ከምዘሰክፎምን ከምዝነጽግዎን ጥርጥር የሎን። ሎሚ ሓደ ሃገርዊ ሓይሊ ብስለላ ክዳኸም እንከሎ፡ ካልእ ሃገርዊ ሓይሊ ኣብ ተርታ ከምዘሎ ዝዝንጋዕ ኣይኮነን።

እዚ ስለ ዝኾነ ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝሓልፎ ዘሎ ጽንኩር መሰናኽል፡ ድልዱልን ብተዛማዲ ብሱልን መሰረታት ክኣልይዎ ይኽእሉ እዮም ዝብል ግምታት እኳ እንተሃለወና፡ ንዕዘቦ ዘሎና ሽርሒት ህግደፍ ግና፡ ናይ ዝሓለፈ ፍሽለታቱ ኣጽኒዑ ንነዊሕ እዋን ዝኣለሞን ዝጠጀኦን ናይ ምድኻምን ምብታንን መደባቱ፡ ኣብ ውሽጢ ግንባር ድሕነት ሱር ሰዲዱ ከምዘሎ ክንሓብኦ ሕልናና ኣየፍቅደልናን ጥራይ ዘይኮነስ ብተዘዋዋሪ ምንገዲ ነቲ ዝኸይድ ዘሎ ኣስጋኢ ኩነታት ኣዕይንትኻ ዓሚትካ ምሕላፉ እዩ ዝኸውን። ሎሚ ደሕነት ዝሓልፎ ዘሎ ናይ ምድኻሙ ተንኮላት፡ ጽባሕ ነተን ብትሪ ጸረ ስርዓት ህግደፍ ዝቃለሳ ዘለዋ ውድባት ከምዘራኽበለን ጥርጥር የሎን። እዚ ስለ ዝኾነ ገለ ካብቲ ዝኣከብናዮ ሰነዳት ንኹሉ ኤርትራዊ ብሃገሩ ዝግድስን ኣብ ቃልሲ ዘሎን ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ንመሰረታት ድሕነት፡ ዝኸይድ ዘሎ ረቂቕ ተንኮላት ንምእማት ድሕሪ ነዊሕ ምምዝዛን ንቃልዕ ክፍነው ወሲና ኣሎና። ዘሎና ተኣማኒ ካብ መድብር ስለላ ህግዲፍ ዝተረኽበ ሓበሬታታት ብንጹር ድሕሪ ድሕነት ኣየኖት ውድባት ብተርታ ተሓጽየን ከምዘለዋ ፈሊጥና ኣሎና። ንመብዝሕትኣን ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ ጥንቃቐ ክገብራን ኣዕይንተን ብዝያዳ ክኸፍታን ብመንገድና ሓቢርናየን ኣሎና። ድሕነቱን ጸጥትኡን ዘይሕልው ፖለቲካዊ ሓይሊ ዝጽበዮ ዕጫ ዘገምታዊ ሞት ጥራይ እዮ። እንተደሓነ ድማ ምፍንጫላት ይኸውን። ክልቲኡ ድማ ንብቕንዕና ጸረ-ምልኪ ዝቃልስ ተመረጽቲ ኣይኮናን።

እምበኣርከስ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ብመልክዕ ክፋላት ዝቐርብ ትሕዝቶ ሰንዳትና ክትከታተሉ ንዕድም።